# ካብ ረኽሲ ሓንጎልን፡ ዓንዲ ሕቖን ደምን ተከላኸል

## መኒንጎኮካል ኮንጁጌት ዓይነት c ክታበት



### እዚ ክታበት ካብ እንታይ ይከላኸል፧

እዚ ክታበት እዚ ነቲ ንሓንጎልን ዓንዲ ሕቖን ዝሸፍን ፈሳስን ሽፋንን ከምኡ'ውን ረኽሲ ደም ክጥቅዕ ዝኽእል መኒንጎኮካል ባክተርያ ዝከላኸል ክታበት እዩ። እቲ መልክፍቲ ናብ ምጽማም፡ ሕማም ምንፍርፋር፡ ምዝሕታል ሓንጎልን ከምኡ ዉን ክሳብ ሞት ከስዕብ ይኽእል።.


### ነዚ ክታበት መን ክወስዶ ኣለዎ፧



- ከም ኣካል ናይቲ ስሩዕ መደብ ክታበት፡ ህጻናት ኣብ ክሊ ዕድመ 4ን 12ን ወርሒ ዘለዉ ክልተ ዶዝ የድልዮም።
- ምስ ሓደ ሕማም መኒንጎኮካል ዓይነት C ዘለዎ ሰብ ቅርበት እንተሃልዩካ፡ ወሃቢ ክንክን ጥዕናኻ ክንደይ ዶዝ ከምዘድልየካ ክነግረካ እዩ።

### መን እዩ እዚ ክታበት ክወስዶ ዘይብሉ፧

- ንገለ ክፋል ናይቲ ክታበት ኣለርጂ ምስትከዉን ወይ ድማ ድሕሪ እዚ ክታበት ወይ ገለ ክፋሉ ምስወሰድካ ከቢድ ወይ ዘይልሙድ ጎናዊ ሳዕቤናት ገርልካ ምስዝፈልጥ ነዚ ክታበት ክትወስዶ ኣይግባእን።



### እዚ ክታበት እንታይ ጎናዊ ሳዕቤናት ኣለዎ፧

እቶም ጎናዊ ሳዕቤናት ልኡማትን ግዝያውያንን ኮይኖም ኣብቲ መርፍእ ዝተወግአሉ ቦታ ምቕያሕ፡ሕበጥ፡ቃንዛ፣ ብኽያት፣ ድኻም፣ ቁጥዐ፣ ሰዓል፣ ሽውሃት ምግዳል ወዘተ የጠቓልሉ። ኣብቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ኣካል ዝሑልን ጽሩይን ጨርቂ ብምቕማጥ ክመሓየሹ ይኽእሉ። ንረስኒ ወይ ቃንዛ ንምቊጽጻር ከም ኢቡፕሮፈን ወይ ኣሰታሚኖፈን ዝኣመሰሉ መድሃኒታት ክውሰድ ይከኣል።

---

**ዝኾነ ተወሳኺ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ወይ ብዛዕባ ክታበትኩም መደብ ክትገብሩ ምስ እትደልዩ፡ ክትገብሩ እትኽእሉ:**

- ናብ ሄልዝ ሊንክ (Health Link) 811 ደውሉ፡
- ናብ መስመር ቴሌፎን AIMGA's Multilingual Health Hub for Newcomers 1-587-392-8062 ደዉሉ፡
- ናብ ሓኪም ስድራቤትኩም ወይ ናብ ፕራይሜሪ ኬር ኔትወርክ(primary care network)ተወከሱ፡
- ናብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝወሃቦ ዝሕብሩ ሞያውያን ሓገዝ ንምርካብ ኣብዚ ሊንክ ብምጥዋቅ booking.aimga.ca ቆጸራ ሓዙ

AIMGA
Alberta International Medical Graduate Association

19 TO ZERO
UNITED AGAINST COVID-19

Financial contribution:
Public Health Agency of Canada
Agence de la santé publique du Canada

ACTION 4 HUMANITY DEVELOPMENT FOUNDATION
CREATING BRIGHTER FUTURE